# ማህጸን ኣደ ዝተፍኦም ዑሱባት ሕጂኸ ምስ መንን?

ንስርዓት ወያኔ ዋላኺ ቀንዲ እዩ እንተዘይተባህለ ተራ ሓሱሳት ደቂ ሃገር ጸይቂ ወራር ኽፍጺም ኣነኣኢስካ ዘይርኤ እጃም ኔሩዎም እዩ። እዞም ማህጸት ኣደ ዝተፍኣቶም ሽዩጣት ኣብ 1998 ስርዓት ጃንዳ ወራር ምስከፈተ፡ ደዲሕሪኡ ሎኽሎኽ እናበሉ ኣብ መንኩቡ ተሓንጊሮም ኣስመራ ክኣትዉ እዩ ነይሩ እቲ ብሕልሚ እንተዘይኮይኑ ብተግባር ዘይግሃድ ድልየቶም። ነቶም ኣብ ከባቢ ባድመ ዝነበሩ ጉጅለ ህዝባዊ ስሪዒት ህዝባዊ ግንባር ብወታሃደራት ወያኔ ምስ ተቐንጸሉ እዞም ሽዩጣት ኤርትራ'ያ ውግእ ጀሚራ ኢሎም ከይሓነኹ ከይሓፈሩ ንተግባር ሽፍትነት ወያኔ ክሽፉፍኑ እዮም ተራእዮም።

ሕጂ ከኣ ካብ ዝሓለፈ ጌጋኦም ተማሂሮም ኣብ ልቦም ክንዲ ዝምለሱ፡ ንወራር ጃንዳ መልክዕ ከወሃህብዎ እፈታትኑ ኣለዉ። ይኣይ ልቢ ተጠርዩ ተባሂሉ ክልትኤን መንግስታት ኮፍ ኢለን ንሰላም ክዝትያ ዝብል ናይ ኣቶ ባንኪሙንን መሪሕነት ኣመሪካን ቃላት ተለቂሕካ ንዝተበደልን ዝበደለን ብሓደ ዓይኒ ምጥባት ከም ፖሎቶካዊ ብስለት ተቖጺሩ። ብሓደ ወገን ወያኔ ኣብ ውሽጡ ተሓሚሱ ህዝቢ ኢትዮጵያ መሰለይ ኢሉ ብሃውሪ ዘድምጽን ብተግባር ዝቃወመሉን ዘሎ እዋን፡ ብኻልእ ወገን ከኣ ጃንዳ ስልጣኑ ንምዕቃብ ኣህዛብ ዝኣስረሉን ዝቀትለሉን ዘሎ መድረክ<u>፡ እዞም ንመሰል ህዝቢ ኤርትራ ንጣበቕ ኣሎና ዝብሉ ሽዩጣት ብዛዕባ መሰል ህዝቢ ኢትዮጵያ ብጭቕ ኢለን ክዛረባ ኣይተሰምዓን። እኳዳኣ ባኣንጻሩ ንዓሌታዊ ስርዓት ወያኔ ንምሕጋዝ ኣብ ጀነቫ ክተኣኻኸባን ንጸብጸብ ኮሚሽን ኦፍ እንኳይሪ (COI) ደጊፈን ጸረ መንግስቲ ኤርትራ ደው ክብላ ዲግዲጊት ክድዓት ይዕጠቓ ኣለዋ።</u>

እዚ ብሰነ ሰምበት ዕለት 12, 2016 ወያኔ ዘበገሶዎ ወራር ንኹሉ ኤርትራዊ ፖሎጢካዊ ኣጠማምትኡ ብዘየገድስ ዓኽ ጥፍ ክብሎ እዩ ዝግባእ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ጎኒ ሓዉን ጎረበቱን ህዝቢ ኤርትራ ክስራዕ ከሎ፡ ብዓል ብድሕረይ ኤርትራ ሳዕሪ ኣይብቆላ በሃልቲ ምስ'ዚ ብኽፍኣት ተጨማሊቑ ዝጠስጠሰ ስርዓት ህ.ወ.ሓ.ት. ጸረ ቃልስታት ህዝቢ ኢትዮጵያን ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራን ደው ምባል ናይ ግዜ ሕቶ ጥራሕ እዩ እምበር ስልጣን ወያኔ ንምጽዳፍ ኣብ ገምገም ገድል ከምዘሎ ብጀካ ዑሱባት ኩሉ ዝፈልጦ ጉዳይ እዩ። መራሕቲ ወያኔ ንዝኣ ርእሶም ዝተገንዘቡዎ ጉዳይ ስለ ዝኾነ መሬት ሓረስቶት እናሸጡ ይኹን ሃብቲ ሃገር እናዘረፉ ኣብ ክንዑቀበሉ ኢና ዝብልዎ ሃገራት ኣሳጊሮሞን የሳግሩዎን ኣለዉ። ዕሱባት ደቂ ሃገርከ ምስኦም ዲኹም ከትዕቀቡ?<u> ኣይትዘንግዑ ወያኔ ዘኾለሰታ ኢድ ከም እትነክስ</u>።

ኣይፋልኩምን ንዓኻትኩም እቲ ዝሓሸን ዝበለጸ ግዜ ኣብ ጎድኒ ሰራዊት ኤርትራን መንግስትን ህዝብን ሃገርን ደው እትብሉሉ ግዜ ወያኔ ንረብሕኡ ክብል ጸረ ጥቕሙ ዕድል ከፍትልኩም ስለ ዘሎ፡ ሕጂያ እታ ግዜ ኣብ ልብኹም ትምልለሱላ። ወዲ ሰብ ጌጋ መናብርቱ እዩ። እቲ ሰብ ከብሎ ዘይክእል ግን ኣብ ጌጋ ምንባሩ እዩ። እዚ ኣብ ጀነቫ ክግበር ተሓሲቡ ዘሎ ሰላማዊ ሰልፊ ምእንቲ ሓቅነት ህዝቢናን መንግስትናን ምክልኻል ሓይልታትን፡ ሃገር ጠሊሙ ምስ ጃኣንዳ ዝተጸግዔን፡ ብሰንኪ ቁጠባዊ መነባብሮ ሃገር ገዲፉ ዝተሰደ ፈታው ሃገሩን ከም ስዋ ብመኽባዕቲ ተጸሙቑ ጽራይን ሓተላን ዝፈላሊ ከፈላልየና እዩ።

ኤርትራ ብደቃ ትኽብር፡ ምስ ደቓ ትነብር፡ ምስ ደቃ ትመክር። ንመሰል ደቂ ሰባት ዝዋጥዩሉ ብዙሓት እዮም። ዝኣምኑሉ ግን ውሑዳት። ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰል ኣበይ ኔይሩ፡

1) ወተሃደራት ስርዓት ሃይለስላሴ ኤርትራውያን ኣደታት ብሳንጃ ከብደን ክትርብዑ ከለዉ።

2)ቤተመቕደሳት ምእመናን ጸሎቶም እናዕረጉ ብሓዊ ክቃጸሉ ከለዉ።

3)ሰራሕተኛታን ተማሃሮን ኤርትራውያን ብምኺኖም ሓንቲ ኣበሳ ዘይብሎም ክርሽኑን ብስልክን ገመድን ክሕነቑ ከለዉ።

4) ዓድታት ክንድዱ፡ ጥሪት ከዘምቱን ክቕትሉን ከለዉ እዚ ተጣባቒ በሃላይ ድቃስ ለይቲ ድዩ ከቢዶዎ ኔሩ?

ስርዓት መንግስቱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን ዘውርዶ ዝነበረ ቕትለት ካብ እዛ ንነብረላ ዓለ ወጻኢ ማዓስ ኮይኑ ተፈጺሙ። ኣብ ኤርትራ ካብ ዝፈጸሞ ገበናት

1) ነቲ ኣብ ግዜ ስልጣን ሃይለስላሰ ዝተፈጸ ብዕጽፊ እዩ ደጊሙዎ።

2)ህዝቢ ሽዕብ ሸባሕ ብጥይ ከም ሃዳናይ እራብ ዝሃድን ክቑለብ ፡ ቆልዓ ሰበይቲ፡ ኣረጊት መንእሰይ ተባዕታይ ኣንስታይ ገበን ዘፈጸመ ህዝቢ ክርሽንን ብታንኽታት ክጭፍለቕን ከሎ ህዝቢ ዓለም እንታይ ኢሉ? ብፍላይ እቲ ንሰብኣዊ መሰል ክጣበቕ ዝቖመ እንታይ ኮን ከመኸኒ እዩ?

3) ህዝቢ ኤምበረሚ ኣብ ማእከል ሃገሩ ዓዱ ዝገበሮ ኣበሳ ዘይብሉ ብነፈርቲ ደርጊ በምባታት ከም ማይ ክዘንቦ ከሎ፡

4) ነበርቲ ወኪ ድባ ኣብ ቤተ ክርስትያን ከለዉ ብዘይወዓልዎ ገበን ዝተረሸኑ፡

5) መንእሰያት ተመሃሮ፡ ሰራሕተኛ፡ ሰለማውያን ኣቦታት ኣደታት ኣሓትን ኣሕዋትን ረሰኦም ብመካይን ሰራዊት ደርጊ ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ክጉተቱ። ወዘተ... ዘስካሕክሕ ተግባራት እናተፈጸመ ኸሎ ዓለም ፍትሒ ከምዘይብላ ኹሉ ኤርትራዊ ዝተገንዘቦ እዩ። ሓቅነትናን ጽንዓትናን ንገበቲ ሃገራት ዓለምና ስለዘቃልዕን፡ ንጭቁናት ሃገራት ኣብነት ስለ ዝኾነን ክሳብ ሎሚ ኣንጻርና ይምክታ ኣለዋ።

ስርዓት ወያኔ፡ ከም ሸንቲ ገመል ንድሕሪት ካብ ዴሳዊ ቴማ (Slogan) ናብ መስፍንነት ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃጸይነት (Imperialism);;
1) ሕብሪ ዓይንኹም ደስ ስለ ዘይበለና፡ ኢሉ ንኤርትራውያን ኣብ ኣኢትዮጵያ ዝነብሩ ዝነበሩን፡ መበቖል ኤርትራውያን ዘለዎም ኢትዮጵያውያንን ካብ ዝተወልደ ህጻን ክሳብ ብዓረብያ ተደፊኡ ዝነዓዝ ሽማግለ ንብረቶም ዘሚቱ ስድራቤቶም ፈላልዩ ሕሙም ጥዑይ ከይፈለየ ኣሽሓት ገለ ካብ ዝወዓልዎ፡ ገለ ካብ መደቀሶም ብጃምኦም ከይቀየሩ ንብረቶም ገቢቱ ከሳጉጎም ከሎ ተጣባቒ ሰባዊ መሰላት ኣበይ ኔሩ? እንታይ'ኸ የባቑጥ ነይሩ?
2) ኣብ ብሕጊ እግባይ ዘይብሉ ፍርዲ ዝተዛዘመ ምስሕሓብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ስርዓት ዓሌታዊ ጀንዳ ኣብ ልእላውነት መሬት ሓንጊዱ ምውጻእ ኣብዩ ከሎን፡ ወግሔ ጸብሔ ንኩናት ክቶኽቲኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሓላፍነቱ ከይገብር ካብ መንግስቲ ኣሜሪካ ባሮኾት ስለ ዘይተዋህቦ ምስቃጢ እንታይ ክበሃል ይከኣል?
3) ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ዝሓለፎም ስርዓታት ብዝተዓጸጸፈ ክብደል፡ ክጭፍጨፍ፡ ክእሰር፡ ክርሸን፡ መሬቱ ተመንዚዑ ብዘይ መተካእታ ክፈናቐል ከሎ ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላት እንታይ የጣቡ ኣሎ?

ኣንቱም ብውልቃዊ ቅርሕንቲ፡ ብሕሱር ወገናዊ ጸጊዕነት፡ ብህርፋን ስልጣን፡ ብዓዳዊ ምትእኽኻብ፡ ብኣውራጃዊ ዝምባሌታት ብሃይማኖታዊ ሓድነት፡ ካልእ ሕሱር ምትእኽኻባት ገርኩም ጸረ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ትቃለሱ ዘለኹም፡ ንመንእሰይ ካብ ቅኑዕ መኣዝኑ ክዝንብል ክትገብሩ ትፍትኑ ዘለኹም ኮብለልቲ ሕጂ ንሕስረትኩም መደምደምታ ዝግበረሉ እዋን ተበጺሑ ስለ ዘሎ፡ እቲ ሰዓቢና እትብሉዎ መንእሰይ ብሃገሩን ህዝቡን ዝመጾ ስለ ዘይፈቱ በይንኹም ጃላ ሰዓርን ተሳዓርን ዘይብሉ ቁማር ካብ ምጽዋት ተወጊንኩም ናብ ቅኑዕ መስመር ኣምርሑ። ህዝቢ ኤርትራ ንስለ ቀልዓለም ዘይኮነ እቕረ ይኹንካ ምባል ባህሉ ስለ ዝኾነ ኣብ ልብኹም ተመለሱ። መንግስቲ ኤርትራውን ውላድ ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዝኾነ፡ ባህሊ ህዝብና ተዓቂቡ ንዘልኣለም ክነብር ስለ ዝሰርሕ <u>ሕድገት ዝብል ኣምር ኣብ ሕገ መንግስቱ ኣስፈሩ ይሰርሓሉ ኣሎ።</u> መኸተና ኣብ ስነፍልጠት ዝተመርኮ እዩ። መትከል ጸላእትና ፡ኣዕሪብካ ዕረብ'ዩ። ሰላማዊ ሰልፊ ጀነቫኣ ስርናይን ክርዳድን ዝፈላለየሉ።

ምጎስ ነቲ ጸኒዑ ሃገር ከይትድፈር መስዋኣቲ ዝኸፍል ዘሎ ሰራዊትና።
ጽንዓት ነቲ ብጸላእቱ ዘይምብርከኽ ሓፋሽ ህዝብና።
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ነቶም 20 ሰነ ነብዕለሎም ሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።